# ማኅበራዊ ትምኒት ንሓዲሽ ዓመት

# ንመላእ ሕዝቢ ኤርትራ!!

**ኤርትራዊ ማኅበር ተጣባቒ ሰብአዊ መሰል ሀገር ጀርመን 26.12.2008**

ክቡራት ኤርትራውያን ዜጋታት ኣብ ውሽጢ ሃገርን፤ ኣብ ወጻኢ ሃገራትን እንርከብ፤ ብሓበራ ዓመት ሓሊፉ ብዓመት ክትካእ እኻኸሎ፤ ኣብ መላእ ሕብረተሰብና፤ ነቲ ሕብረተሰ ዝጥቀመሉ ምዕቡል ባህልን ልምድን ዝውክል አቋጻጽራ ከም ዘሎና ኩሉ ኤርትራዊ ዝዝክሮ ኼይኑ፤ከምቲ ልሙድ አባታዊ ልምድና ነቲ ዝሐለፈ ዓመት ውጽኢቱ ገምጊምና፤ ነቲ ዝመጽእ ከአ ብዓቢ ሀረርታን ሀንቀውታን ክንጽበዮ እንከሎና፤ እንምነዮም ትንቢታታ አለዉና፥ ንሕና ኤርትራውያን ካብ ጊዜ ምእታው መግዛእትታት ጀሚሩ ዝተአታተወ ዝተፈላለየ አቋጻጽራ ናይ ዓመታት ከም ዘሎና ንኩሉ ርዱእን ፍልጡን ኢዩ። ገለ ካበቶም ከአ፤-

1. ናይ ግዕዛዊ አቋጽራን ንሕዝብና ናይ ባህሉን ልምዱን መለለይኡን ዝኮነ፤ ብወርሒ መስከረም ዝጅምር፤ ከም እንጥቀም ብሩህን ሓቅን ኼይኑ በቲ ግዕዛዊ አቋጻጽራ 2001 ዓ. ም. ግ. ክንቄጽር እንከሎና፤ብጊሮጎርያዊ አቋጻጽራ ከአ ድኅሪ ገለ መዓልታት 2009 ኣብ እንጅምረሉ ስለ ዝብጻሕና፤-ንመላእ ሕዝብና  ርሑስ ሓዲሽ ዓመት ይግበረልና ብማለት ማኅበራዊ ትምኒትና ንገልጽ።

2. ንአኅዋትና አመንቲ ምስልምና ከአ እንቛዕ ኣብ ዒድ አል አድሐ ኣብጽሓኹም እናበልና፤-ስለዚ ብሓበራ ንሕዝቢ ኤርትራ ዓመተ ሰላምን ቅሳነትን ይግበረልካ እናበልና ማኅበራዊ ትምኒትና ንገልጸሉ።

3. ጊሮጎርያዊ አቋጻጽራ ማለት ናይ ፈረንጂ ኢልና እንጽውዖ ሓደ ካብኡ ኼይኑ፤-

እዚ ጀሚርናዮ ዘሎና ግዕዛውን፤ክንጅምሮ እንሸባሸብ ዘሎና ጊሮጎርያውን ዓመት፤-ዓመተ ፍትሕን ርትዕን፤ ዓመተ ቅሳነትን ሰላምን፤ዓመተ ራህዋን ትሐትን ዓመተ ዲሞክራስን ዝሰፈኖ ዓመት፤- ክኾነልና እናተመነና፤- ውልቀ ዕንደራዊ አኽቲሚ፤ፋሕ ብትን ዝበላ ሥድራ ቤታት፤- ዝተናፈቐ ምዕጉርትታት ዝሰዓ ዓመሉን ዝጥርነፋሉን፤ መሬት ዓዱ ዝሐረሞ ኣብ መሬቱ፤-ሽነን ዝብለሉ ዓመት ኣብ ጉደጉድን ብዓትታትን ተአሲሮም ንፉስ አዱንያን ጽሓይ ዘይረኽቡ ንግዝኦም ዝአትዉሉ ዓመት ንክኾነልና ዘሎና እምንቶ ደረት የብሉን።

እዚ ክንብል እንከሎና ከአ ነቲ ንዓመታት አብ ርእሲ ኤርትራን ኤርትራውያንን ዝተፈጸመን ዝፍጸም ዘሎን መግለጺ ዘርከቦ አደራዓት ናይ ኤርትራውያን ማእሰርትን ምዝንባል ሥድራቤታትን ዳግማይ ስደትን ሕማምን ሞትን ዓጸባን ኩሉ መስርዕ ብኩቦን ዝሳዕቤኑን ኣብቂዑ፤ ሕረስ ሓረስታይ ንገድ ነጋዳይ፤ አጽንዕ ትማሃራይ፤ ምሁራት ዜጋታት ፍልጠቶም ንሕዝቦም ዘበርኽትሉ፤ ከይተሸቈረሩ ዝመራመርሉ፤ ዝዓነወት ሀገሮም ኢደይ ኢድኻ ኢሎም፤ ዳግማ ህንጻ ሀገሮም ዝሀንጽሉን ዘማዕብልሉን ዓመት ኼይኑ፤-ብመንጽሩ ከአ እቶም ንሀገር ዝሓመሱን ዘዕነዉን ንሕዝቢ ዝበደሉን ንዘለዓለም ዘይወጽእ ስንብራት ዝገድፉ ሓተላታት ንዉሑድ ውልቃዊ ረብሓታቶም ክብሉ ኣብ መሬት ስዉአት ንውሉድ ወለዶ ሳዕቤን ጥዕና ዘለዎ ንክጉፍ ዝፈቐዱ፤-ኣብ ቅድሚ ሕጊ ቀሪቦም ዝሕተትሉ ዓመት፤- ንክኾነልና፤ ኩላትና ሀገራውያን ዜጋታት ሐልዮት ሕዝብን ሀገርን ኣሎና(ዘለዎም) ኢድን በኛ ኢድን (ጓንትን) ብምዃን፤ንጸረ ሕዝብን ሀገርን ዝኾኑ ጉጅለን ተሐባበርቶምን ከከም ገበናቶም ፍርዶም ንክወስዱ፤ ናህና ናይ ኤርትራውያን ኃላፍነትን ግድነትን ምዃኑ ፈሊጥና፤ ሀዬ ነዚ ድርብ ሓዲሽ ዓመትን መካይዱን ብሥኒትን ብሐድነትን ኢድና ዘርጊሕና ንቀበሎ። ኤርትራዊ ማኅበር ተጣባቒ ሰብአዊ መሰል ሀገር ጀርመን ባደን ቩርተምበርግ ሽቱትጋርት ጠጠው ዝበለሉ እምንቶ ኢዩ።

ዓወት ንሕዝቢ ኤርትራ
ሀገርና ኤርትራ ብደቃ ትለምልም።
26.12.2008